# ንስኻትኩም ግና እቲ ቤት ኣምላኽ እትስርሓሉ ግዜ ገና እዩ በልኩም ት፣ሃጌ ፩፡፪.

መበል 19 ጉባኤ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ኣብ ቅዱስ ሚካኤል
ሻርሎት ኮረላይና
ብቀሺ ብርሃነ ጠዓመ

# ንስኻትኩም ግና እቲ ቤት ኣምላኽ እትስርሓሉ ግዜ ገና እዩ በልኩም

ቤት መቕደስ ኣምላኽ ንሕና ኢና። 1ቈረ 3:16፣ 1ቈረ 6:20፣

ፍቃድ ኣምላኽ፡ መስዋእቲ ኣምላኽ ዘቅርብ መንፈሳዊ ቤት ኰንና ክንህነጽ እዩ። “ንስኻትኩምውን፡ ከም ህያዋን ኣእማን ኴንኩም፡ ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መስዋእቲ ኸተቕርቡ፡ ንቕዱስ ክህነት ዚኸውን፡ መንፈሳዊ፡ ቤት ተሀነጹ።” (1ጴጥ 2:5)።

ኤፌ 2:19-20 “እምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩምን።21፤ ኣብኡ ብዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ ምእንቲ ኪኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዓቢ እዩ። 22፤ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኰኑ ሐቢርኩም ትህነጹ አሎኹም።”

ቤት  ኣምላኽ ዓንያ ከላ ኣባይትኹም ትሃንጹ ኣለኩም

ቤት ኣምላኽ ዝኾነት ሰብነትና ብ ጽልኢ፡ሸራ፡ስስዕቲ፡ ወዘተ ኣዕኒና ንስጋና ኣብ ምህናጽ ተዋፊርና ንርከብ።

# እቲ እንህነጸሉ መዓልቲ ሕጂ እዩ፥

- “ብቕብልቲ ጊዜ ሰማዕኩኻ፡ ብመዓልቲ ምድሓን ከኣ ረዳእኩኻ፡ ይብል እዩ እሞ፡ እንሆ፡ እታ ቕብልቲ ጊዜ ሕጂ እያ፡ እንሆ፡ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ።” (2ቈረ 6:2)
- እዞም ሰባት ግና፡ እቲ ቤት እግዚኣብሄር ትስርሓሉ ገና እዩ በሉ
- **እቲ ኣበሃህላ ብብዙሕ መዳያት ግጉይ እዩ።**
- 1.ገና እዩ ምባል ምስቲ ሕጂ እዩ ዝብል ግሉጽ ሓሳብ ኣምላኽ ብቀጥታ ዝራጸም እዩ።
- 2.ምስቲ ባህርያዊ ክውንነት ማለት ዘበን ዓመታትና (ሰብዓ ሰማንያ) ሓጺር ምዃኑ ድማ ኣይሰማማዕን እዩ።
- ምስላ፥ “ኣነ ሓጺሩኒ ይብል ንሱ ከኣ ተደቢሩ ይስዕስዕ” እዩ ነገሩ። ኣብቲ ዝርኻቡ ሓጺር ግዜ ገና እዩ ምባል ከመይ ዝበለ ምስሓት ምዃኑ ኣስተብህሉ

3.ሎሚ ናትና እያ፡ ጽባሕ ግና ናትና ኣይኰነትን። ገና እዩ ምባል ናትካ ኣብ ዘይኰነ ምምካሕ ድማ እዩ።

“መዓልቲ እትወልዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ እሞ፡ ብጽባሕ ኣይትመካሕ።” (ምሳ 27፡1)።

“እስኪ ሕጂኸ ንስኻትኩም፡ ሎሚ ወይስ ጽባሕ ናብታ ኸተማ እቲኣ ንኺድ እሞ ኣብኣ ዓመት ንግበር፡ ክንነግድን ክንረብሕን ኢና፡ እትብሉ፡ ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዚኸውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ህይወትኩም ደኣ እንታይ እያ፧ ንቕሩብ ጊዜ ተርእያስ፡ ደሓር ዚበንን ትኪ ኢኹም። ጐይታ እንተ ፈቒዶ፡ ንሕናውን እንተ ኣሊና፡ እዚ ወይስ እቲ ክንገብር ኢና፡ ኣብ ክንዲ ምባልሲ፡ ሕጂ ግና ብምጅሃርኩም ትምክሑ ኣሎኹም። ከምዚ ዝበለ ዅሉ ትምክሕቲ ኽፉእ እዩ።” (ያእ 4፡13-16)።

“ክፉእ መዓልታት ከይመጸ፡ ባህ ኣይበለንን እትበሉ ዓመታት ከአ ኸይቀረበ ኸሎ፡ ብመዓልታት ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ።” (መኽ 12:1)
“መሬት ድማ፡ ከምቲ ዝነበሮ፡ ናብ ምድሪ ኸይተመልሰ፡ መንፈስውን ናብቲ ወሃቢኡ ኣምላኽ ከይተመልሰ፡ ብመዓልታት ንእስነትካ ፈጣሪኻ ዘክሮ።” (መኽ 12፡7)

# ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ግዜ ክልዓል ከሎ፡ ጥበብ ወይ ዕሽነት ዝብል ቃላት ኣሰንዩ እዩ ዝጥቀስ።

- ጥበበኛ ልቢ ምእንቲ ኽንረክብሲ መዓልትታትና ኽንቈጽር ምሃረና። (መዝ 90፡12)።
- እምብኣርሲ ቐንያቱ ኽፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓዲግኩም፡ ከም ለባማት እምበር፡ ከም ዓያሱ ዘይኰነ ኽመይ ብጥንቃቐ ኽም እትመላለሱ፡ ተመልከቱ። (ኤፌ 5፡15-16)
- ጥበብ/ዕሽነት፥ ሚዛን ውሕሉል ኣጠቓቕማን፡ ምብካን ነገራትን ድማ ይገልጽ። ውሕሉል ኣጠቓቕማ ኣብ ዘመዝነሉ ኩነታት ብጥበብ ክግልጽ ከሎ፡ ምብካን ኣብ ዘምዝነሉ ድማ ብዕሽነት ይግለጽ።ምላኽ ንሰባት ካብ ዝህቦም ሓደ ዓቢ ውህበት፡ ግዜ ምዃኑ እንርድኦ ሓቂ እዩ።

# ባህርያት እቲ ዝተዋህበና ግዜ፥

- ሓሊፉ ዘይምለስ፥ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ግዜ ሓሊፉ ዘይትካእ ይኩን እምበር ዘይሓልፍ መዝገብ ክነጥርየሉ እንክእል ክቡር ውህበት ምዃኑ ይገልጽ
- ውሱን (ሓጺር)፥ ከም ንፋስ
- ግዜ ወርቂ እዩ። (Time is Gold)
- ወርቂ ዝድርቢ ሰብ ከም ዘየለ ርግጸና እየ
- ወርቂ ብሓዊ ምስ ተፈተነ ወርቂ ምካኑ ይፍለጥ

# ዕላማ ዝወሃበና ግዜ

- “ካብቶም ተቐነይትኹም ድማ ሓያሎ፡ ንሕና ኻብ ዓሌት ኣምላኽ ኢና፡ ኢሎም ከም ዘለዉ፡ ብእኡ ኢና እንነብርን እንዋሳወስን ብእኡ ኸኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ንሱ ኻብ ሓደ ሰብ ኣብ ርእሲ ኹላ ምድሪ ኺነብሩ ኹሉ ዓሌት ሰብ ፈጠረ። ንሱ ኻብ ነፍሲ ወከፍና ዘይረሐቐ ኽነሱ፡ ምናልባሽ ሃሰስ ኢሎም እንተ ረኸብዎ፡ ንኣምላኽ ምእንቲ ኺደልዩ፡ ንመናበሪኦም ድማ ውሱን ዘመናትን ድዉብ ደረትን ሐገገሎም።” (ግብ 17:26-28)።
- እም ድሕረ ሞት ኣልቦ ንስሓ
- ንኣምላኽ ሃሰስ ኢልና ክንረኽቦ።ስለዚ በቲ ንሱ ዝርኸበሉ ግዜ ክንደልዮ ይግብኣና
- “ንእግዚኣብሄር በቲ ዚርከበሉ ጊዜ ድለይዎ፡ ቀረባ ኸሎውን ጸውዕዎ።” (ኢሳ 55፡6)።
- ኣምላኽ ዝርኸበሉ ግዜ መዓስ እዩ፧ ሎሚ ።
- “ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ሎሚ ኺብሃል ከሎ፡ ኣብ ጸጽባሕ ንሓድሕድኩም ተማዓዓዱ እምበር፡ ሓደ እኳ ኻባኻትኩም፡ ሓጢኣት እናዓሸዎ ኸይተርር እሞ፡ ምናልባሽ ኣብ ሓደ ኻባኻትኩም ካብ ህያው ኣምላኽ ዜርሕቕ እኩይ ዘይኣምን ልቢ ኸይህሉ፡ ተጠንቀቑ።” (እብ 3፡12-13)
- “ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሩኡውን ፍርዲ እተሰርዖ፡” (እብ 9፡27)።

# ጠንቐ ንግዜካ ብግቡእ ዘይምጥቃም

- ብፍትወት ስጋ፡ ፍትወት ዓለም፡ ምዕሻው ሃብቲ ተታሊልና ብዛዕባ መንፈሳዊ ህይወትና ምስትብሃል ሓዲግና ብምድራዊ ነገር ተዋሒጥና ንመቅደስ ኣምላኽ ክትማስን ሓዲግናያ ኣሎና።
- ምስላ ዘራኢ ማቴ 13፡22 “እቲ ኣብ እሾኽ እተዘርኤ ኸኣ ነዚ ቓል ዚሰምዖ እዩ፡ ጓሂ እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን ግና ነቲ ቓል ይሐንቆ፡ ከይፈረየውን ይተርፍ።”
- ያዕቆብ 4:4፥ “ኣትን ዘመውቲ፡ ፍቕሪ ንዓለምሲ ንኣምላኽ ጽልኢ ምኳኑዶ ኣይትፈልጣን ኢኽን፧ እምበኣርከ ፈታው ዓለም ምኳን ዚደሊ፡ ንሱ ጸላእ ኣምላኽ እዩ ዚኸውን።”

“እቲ ጐይታኡ ምግቦም በብግዜኡ ኺህቦም ኢሉ ኣብ ስድራ ቤቱ ዘሸሞ እሙን ኣስተውዓሊ ባርያ መንኰን እዩ፧ጐይታኡ ኺመጽእ ከሎ፡ ከምዚ እናገበረ ዘረኽቦ ባርያ ብጹእ እዩ። ኣብ ኵሉ ገንዘቡ ኽምዚ ሸሞ፡ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። እቲ ኽፉእ ባርያ ግና ብልቡ፡ ጐይታይ ይድንጒ እዩ፡ እንተበለ፡ ነቶም ብጾቱ ባሮትም ውቃዖም ይጅምር፡ምስቶም ሰኸርቲውን ይበልዕን ይሰትን። ጐይታ እቲ ባርያእቲ፡ንሱ ብዘይተጸበዮ መዓልቲ ብዘይፈላጣ ጊዜውን ኪመጽእ እዩ። ኣብ ክልተ ኺጭንድሖ፡ ዕድሉ ድማ ምስ ግቡዛት ኪገብሮ፡ ኣብኡ ኽኣብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪኸውን እዩ።” ማቴ 24:45-51

እቲ ነዞም ክልተ ባሮት ዝተዋህቦም ሕድሪ ኣብ ግዜ ዝፍጸም ነበረ። እቲ እሙን ባርያ ነተን ዝተዋህብኦ ግዜ ኵለን ኣብ ረብሓ የውዕል ነቶም ከገልግሎም ዝተዋህብዎ ስድራቤት ድማ በብግዚኡ መኣዲ (መግቢ) ካብ ምቕራብ ኣየብኮረን። ብኣንጻሩ እቲ እኩይ ባርያ ይትረፍ መግቢ ክቕርብ ነቶም ሰባት ብሰላም ከንብሮምውን እይከኣለን፡ ክዋቃዕ፡ ክበኣስን ክሰክርን ጀመረ። እቲ ሽግር ናይዚ እኩይ ባርያ ግና ኣብቲ ዝተዋህቦ ግዜ ዝነበሮ ርድኢት እዩ ዝነበረ። እቲ ዝተዋህቦ ግዜ ሓጺር ምኻኑ ዝዘንግዔ ይመስል። “ጐይታይ ይድንጒ ይከውን እዩ” ብምባል ሸለልትነት ኣማዕበለ።

# ንኽንህነጽ ዘድልዩና ነገራት እንታይ እዮም

- ቃል ኣምላኽ ናይ ሂወትና መስትያት እዩ
- ንስሓ ናይ ሓጥያትና  መሕጸቢ እዩ  (ናብ ኣምላክ እንምለሰሉ ጎደና እዩ)
- ቅዱስ ቁርባን ምስ ኣምላክ እንነብረሉ ማሕተም እዩ

## መደምደምታ ሓሳብ፥

ስለዚ ነቲ ቤት ኣምላኽ ናይ ምስራሕ ግዜ ገና እዩ ዝበሃለሉ ነገር ከም ዘየለ ተረዲእና፡ መቅደስና ኽንሃንጽ፡ ነፍስና ኽንፈቅድ ንኣምላኽ ክንደልዩ፡ ደሊና ድማ ክንረክቦ ይግብኣና።

ይትባረክ ኣምላኽ ኣበዊነ ለዘኣብጸሐነ እስከ ዛቲ ሰዓት።